

# ነቶም ኣብ ሪፓብሊክ ክሮኤሽያ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክረኽቡ ዝደልዩ ሰባት ዝምልከት ሓበሬታ

TIGR



## ክሮኤሽያ እንታይ ዓይነት ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትህበኒ ትኽእል?

ኣብ ክሮኤሽያ ዘለኻ እንተኾይንካ እሞ፡ ኣብ መበቆል ሃገርካ ቅድሚ ሐዚ ኣብ ልዕሌኻ ስቃይ ዝወረደኻ – ወይ ስቃይ ከይወርደካ ፍርሓት ዘለካ ብምኺንካ– ሓለዋ ዘድልየካ እንተኾይኑ። ዑቕባ ክወሃበካ ይኽእል እዩ። እዚ (ምስቃይካ) ድማ ብምኽኒያት ኣባል ሓደ ዝተወሰነ ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ጉጅለ ብሄር ወይ ማሕበረሰብ (ንኣብነት ኣባል LGBTQI+ ብምኺንካ፣ ሰንክልና ዘለካ ሰብ ብምኺንካ፣ ወይ ድማ ብሰንኪ ካብ ዘይሕጋዊ ምሰግጋር ሰባት ዝተረፍካ ምኺንካ) ወይ ድማ ሓደ ፍሉይ ናይ ፖሎቲካ ኣረኣእያ እንተለካ ከይትሳቀ ምፍራሕ ዘጠቓልል እዩ። እንተደኣ ነቶም ዑቕባ ንምርካብ ዘድልዩ ሮቛሒታት ዘይተማልእ ኮይንካ እሞ ብሰንኪ ሰግኣት ቅጽዓት ሞት፣ ሰቅያት፣ ቅትለት፣ ኢ ሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ ኣተሓሕዛ ወይ ቅጽዓት፣ ወይ ድማ ብ ሰንኪ ኣካል ዕጥቃዊ ጎነጽ ከጋጥም ዝኽእል ሰፊሕ ጥቕዓት ህይወትካ ኣብ ሓደጋ ዝኣቱ ብምኺኑ ናብ መበቆል ሃገርካ ክትምለስ ዘይትኽእል እንተኾይንካ፣ “ንኡስ ሓለዋ” ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።



ኣብ መበቆል ሃገርካ ዘሎ ድኹም ኩነታት ቁጠባ ወይ ስእነት ሰራሕ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ከም ምኽኒያት ኮይኑ ክቐርብ ኣይኽእልን።



## እንታይ እዩ እቲ ፈላማይ ክገብሮ ዘለኒ ነገር? ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትረክብ ዘለካ ሓሳብ ነቶም ሰበ መዚ ምግላጽ።

- ናብ ክሮኤሽያ ምስ ኣተኻ ብቕልጡፍ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ሕቶ ምቕራብ። ንኣብነት ሕቶኻ ኣብ ዶብ፡ ኣብ መደበር ፖሊስ ወይ ምስቲ ናይ መጀመርታ ዘጋጠመካ ፖሊስ፡ ወይ ድማ እንተደኣ ተኣሲርካ ኮይንካ ኣብ 'መቐበሊ ማእከል ወጻእተኛታት' ክተቕርብ ይከኣል እዩ።

- እንተደኣ ዶብ ክሮኤሽያ ብዘይስሩዕ መንገዲ ክትሰግር ወይ ኣብ ክሮኤሽያ ብዘይስሩዕ መንገዲ ክትነብር እንከለኻ እንተደኣ ተታሒዝካ ኮይንካ፣ ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ኣብ ዝኾነ ምስ ፖሊስ ዝህልወካ ቃለ መሕተት፡ ተርጓሚ ክትረክብ መሰል ኣለካ፡ እዚ ድማ ብኣካል ወይ ብተሌፎን ክኸውን ይኽእል እዩ: ነዚ ክትሓትት ድሕር ኣይትበል።

- ሓለዋ ከም ዘድልየካ፡ ናብ ዓድኻ ክትምለስ ከም እትፈርሕ፡ ኣብ ዓድኻ ከም ዝተሳቐኻ ወይ ህይወትካ ኣብ ሓደጋ ከም ዘላ ብንጹር ግለጽ። ነዚ ብጽሑፍ ኣቐሚጥካ፡ ነቲ ወረቐት ፈሪምካ ንፖሊስ ከተረክቦ እውን ትኽእል ኢኻ። ነዚ ብዝኾነ ቋንቋ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ።

- እንተደኣ ዕድሜኻ ትሕቲ 18 ዓመት ኮይኑን ናብ ክሮኤሽያ በይንኻ ዝመጻእካ እንተኾይንካን፡ ክሕግዘካ ዝኽእል ፍሉይ ኣላዪ ክምደበልካ ምእንታን፣ ብቕልጡፍ ንሓደ ኣባል ፖሊስ (ኣብ ዶብ ወይ ኣብ መደበር ፖሊስ እንተሃሊኻ) ወይ ንዝኾነ ካልእ በዓል መዚ (ንኣብነት ኣብ ማእከል እሱር: 'መርማሪኻ ወይ ናይ ጉዳይካ ሰራሕተኛ') ሓበሬታ ክትህብ ነበረታትዓካ። እቲ ዝምደበልካ ፍሉይ ኣላዪ ኣብ ከይዲ ዝኾኑ ምምሕዳራዊ ከይዲታት ንመሰልካ ሓለዋ ዝገብር እዩ።

- እንተደኣ ናብ ክሮኤሽያ ዘይሕጋዊ ወይ ናይ ካሊእ ሰብ ዝኾኑ ሰነዳት ወይ ፋይላት ሒዝካ ዝመጻእካ እንተኾይንካ፣ ነዚ ብግሉጽ ብምዝራብ ነዚ ንምንታይ ከም ዝገበርካ ድማ ኣረድእ። እዚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዕንቅፋት ኣይክኸውንን እዩ። እንተደኣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሰነዳት ዝሓዝካ ኮይንካ፣ ሰነድካ ኣርእይ።

- እንተደኣ ናብ ቤት ፍርዲ ተወሲድካ፡ ሓለዋ ክትረክብ ድልየት ከም ዘለካን እዚ ድማ ኣብ መዛግብቲ ቤት ፍርዲ ክጥቀስልካ ከም ኣትደሊን ደጊምካ ሕተት።

- ሓለዋ ከም ዘድልየካ ምስ ገለጽካ፡ ዕድሜኻ 14 ዓመትን ልዕሊኡን እንተኾይኑ፣ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ይውሰድ፡ ሰእሊ ድማ ትስኣል። ፣ ገደብ ግዜ ይዉሰነልካ : ኣብ ውሽጢ እዚ ግዜ እዚ ድማ ናብ ሓደ መቐበሊ ማእከል ኣመልከትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ብምኻድ ብዛዕባ እቲ ዘለኻሉ ኩነታት ክትገልጽ ክትግደድ ኢኻ። እዚኦም ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ዛግረብን መብዛሕቲኡ ግዜ 'ፖሪን' ተባሂሎም ይጽዉዑ) ኩቲናን ይርከቡ::

- እንተደኣ ኣብ ጃዘቮ፡ ቶቫርኒክ ወይ ትሪልጅ ኣብ ዝርከብ ማእከል እሱር ሓለዋ ንምርካብ ኣመልኪትካ እንተኾይንካ፡ ናብ 'ተቖጻጻሪኻ' ተወከስ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ፡ ሓለዋ ትደሊ ከም ዘለኻ ብጽሑፍ እውን ጠመተ ጌርካ ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ፡ እዚ ድማ ብዝኾነ ቋንቋ ክኸውን ይኽእል እዩ።

- ሓደ ኣባል ፖሊስ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ኣገባብ ሓለዋ ዝምልከት ሓበሬታ ብጽሑፍ ክህበካ ኣለዎ። እንተደኣ እዚ ንጹር ዘይኮይኑ፡ ሕቶታት ክትሓትት ወይ ድማ ምስ ነቶም ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘድልዮም ወይ ሓተትቲ ዑቕባ ዝኾኑ ሰባት ንምሕጋዝ ውፉይ ዝኾነ ትካል ክትራኸብ ትኽእሉ ኢኻ። ናይ ርክብ ሓበሬታኦም ኣብ መወዳእታ ክፋል እዚ ሰነድ እዚ ኣሎ።

## ኣህጉራዊ ሓለዋካ ሓቲትካ የእቲኻ ወዲእካ ኣለኻ: ቀጺሉ እንታይ ኢዩ ዝሰዕብ?

- ኣብ ሓደ ማእኸል መቐበሊ ኣመልከትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ መቀበሊ ምስ ተገበረልካ፡ ምስ ሓደ በዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ክሮኤሽያ ('MUP,' ብቋንቋ ክሮኤሽያ)፡ ተርጓሚ ኣብ ዝተረኽበሉ ቃለ መሕትት ክተካይድ ክትዕደም ኢኻ። ኣብዚ ናይ መጀመርታ ቃለ መሕትት፡ እቲ ን ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝምልከት መመልከቲኻ ክምዝገብ እዩ። መመልከቲኻ ብቓል ኢኻ ኣታዊ ትገብር፡ ኣብ ዝተፈለዩ ኩነታት ጥራሕ እዩ መመልከቲ ብ ጽሑፍ ኣታዊ ክግበር ዝኽእል።

- እንተተኻኢሉ፣ ዝርዝር ናይ'ቲ መመልከቲኻ ከተካፍል እንከለኻ ምቹእነት ክሰመዓካ ንምግባር፡ እቶም ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ በዓል ስልጣንን ተርጓምን ተመሳሳሊ ጾታኻ ክኾኑ ክግበሩልካ እዮም። እዚ ዘይከኣል እንተኾይኑ እሞ ግን ድማ እዚ ንዓኻ ኣገዳሲ እንተኾይኑ፡ ሰክፍታኻ ንሚኒስትሪ ከተሰምዕ ትኽእል ኢኻ።

- እቲ በዓል ስልጣን ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ውልቃዊ መረዳእታኻ ክተካፍል፤ ናብ ክሮኤሽያ ንምብጻሕ ዝሓለፍካዮ መንገዲን ሓለዋ ክግበረልካ ዝደለኻሉ ምኽንያታትን ብዝርዝር ክትገልጽ ክሓተካ እዩ። ካብቶም ሕቶታት ዝኾነ ንጹር ዘይኮነ ሕቶ እንተዳ ኣሎ ኾይኑ፡ ነቲ ቃለ መሕትት ዝገብረልካ በዓል መዚ መብርሂ ክህበካ ክትሓትት ናጻ ክትከውን ኣለካ።
- ኣብ ዝኽነ መሰርሕ ናይ መድረኽ ምስ በዓል ስልጣን ክትተሓባበር ኣገዳሲ ኢዩ::
- ቅኑዕ ዝኾነ ውልቃዊ መረዳእታ ክትህብን ንኹሎም እቶም ካብ መበቆል ሃገርካ ወጺእካ ኣብ ክሮኤሽያ ሓለዋ ክትደሊ ዝገበሩኻ ምኽንያታትን ክትገልጽ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ሓሶት ወይ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ምሃብ እቲ መመልከቲኻ ክነጽግ ክገብሮ ይኽእል እዩ።
- ንኹሎም እቶም ምሳኻ ዘለዉ ኣገደስቲ ሰነዳት ጥቐስ። እንተደኣ ምሳኻ ዝኾነ ሰነድ ዘይብልካ ኮይንካ፡ እዚ ስለምንታይ ከም ዝኾነ ግለጽ። እዚ ንመመልከቲኻ ኣይክጸልዎን እዩ፣ ምኽኒያት እዚ ድማ ብዙሓት ሰባት ክሃድሙ ከለዉ ሰነዳቶም ኣብ ድሕሪት ይገድፉ እዮም።
- እንተደኣ ብዘይካ ናይ ምኽሳስ ፍርሒ፣ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘይትኽእለሎም ተወሰኽቲ ምኽንያታት አለዉኻ ኮይኖም፡ ነዚኦም ኣብ’ቲ ቃለ መሕተት ዝግበረሉ ግዜ ግለጾም ኢኻ።
- ነቲ መመልከቲኻ ኣታዊ ድሕሪ ምግባርካ፡ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ክሮኤሽያ ብመሰረት ውዕል ደብሊን፣ ኣብ ጉዳይ እቲ መመልከቲኻ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ኣለዋ ድዩ የብላን ዝብል ከረጋግጽ እዩ።
- እንተደኣ ክሮኤሽያ ኣብ ጉዳይካ ክትውሰን ሓላፍነት ከም ዘለዋ ተረጋጊጹ ኮይኑ፡ ካብቲ ክሮኤሽያ ኣብ ጉዳይካ ናይ ምውሳን ሓላፍነት ኣለዋ ዝተብሃለትሉ ዕለት ኣትሒዝካ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ክትጽበ ከድልየካ እዩ።
- እንተደኣ እቲ ውሳነ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክውሰን ዘይኽእል ኮይኑ፡ እቲ ውሳነ ክሳብ ዝውሰን ክትጽበየሉ ትኽእለሉ ዝተናውሐ ግዜ ክሕበረካ እዩ። እቲ ውሳነ ክወሃብ ዝኽእለሉ ናይ ግዜ ገደብ ብመሰረት ሕጊ ክሮኤሽያን ሕብረት ኤውሮጳን 21 ኣዋርሕ እዩ።
- እቲ ውሳነ እወንታዊ (ዑቕባ ወይ ንኡስ ሓለዋ ዝህበካ) ወይ ኣሉታዊ (ንሕቶ ኣህጉራዊ ሓለዋ ምድሳካል ወይ ምንጻግ) ክኸውን ይኽእል።

## መምርሒ ደብሊን እንታይ እዩ? እዚ ነታ ኣብ መመልከቲኻ ክትውሰን ሓላፍነት ዘለዋ ኤውሮጳዊት ሃገር ዝፈሊ እዩ።

ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት፡ ነቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለወን ክሮኤሽያ እንተይኮነት ካልእ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾነት ሃገር፡ ኣይስላንድ፡ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይ ወይ ስዊዘርላንድ እየን።

- በይኑ ዝመጸ ቆልዓ እንተኾንካን ኣብ ዝኾነ ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝነብር ኣባል ስድራቤትካ (ንኣብነት ወላዲ፡ ሓው/ሓፍቲ፡ ኣኮ/ሓትኖ፡ ኣቦሓጎ/እኖሓጎ) እንተሃልዩካ፡
- በጽሒ እንተኾንካ ድማ ቅድሚ ንሃገርካ ራሕሪሕካ ምውጻእካ ኣባል ስድራቤትካ ዝነበረ፣ ኣብ ዝኾነ ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝነብር ኣባል ስድራቤትካ (ንኣብነት ሰብኣይ/ሰበይቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ሃገራት፡ መጻምድቲ ህይወት ወይ ትሕቲ ዕድመ ዘይተመርዓዉ ቆልዓ) እንተሃልዩካ፡
- ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ካብ ዝኾነት ሃገር ዝተዋህበ ናይ ስራሕ ፍቓድ ወይ ቪዛ እንተሃልዩካ፡
- ድሮ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትረክብ ሓቲትካ እንተኾንካ (እዚ ክውሰን ዝኽእል ኣሰር ኣጻብዕቲኻ እንተ ተወሲዱ እዩ)፡
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘይሓተትካ እንከለኻ ግን ድማ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ብዘይሰሩዕ መንገዲ እናተጓዓዝካ እነከለኻ ኣሰር ኣጻብዕቲኻ እንተ ተወሲዱ፣
- ካልእ ዋላ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ዘይተወሰደ ይኹን፣ ኣብ'ዘን ሃገራት ከም ዝነበርካ ወይ በዘን ሃገራት እዚኦን ከም ዝተጓዓዝካ ዝሕብር መርትዖ እንተሃልዩ።

ክሮኤሽያ ኣብ ጉዳይ መመልከቲኻ ሓላፍነት ከም ዘይትወሰድ እንተተረጋጊጹ፡ እቲ ውሳነ ብጽሑፍ ይቐርብ እሞ ናብ'ታ ሓላፍነት ኣለዋ ዝተብሃለት ሃገር ክትሰጋገር ይግበር። እዚ ኣገባብ እዚ ገለ ግዜ ክወሰድ ይኽእል እዩ: ክትዕገስ ንላበወካ።



እንተደኣ ኣብ ካልእ ኣባል ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ዝነብር ኣባል ስድራቤት ኣለካ ኮይኑ፡ ምጥርናፍ ስድራቤት ክግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ምጥርናፍ ስድራቤት ገለ ግዜ ክወሰድ ይኽእል እዩ: ክትዕገስ ንላበወካ።

## ድሕሪ እቲ ናይ መመልከቲየይ ቃለ መሕትተይ እንታይ ይኸውን? ካልኣይ ቃለ መሕትት ተኻይዱ ውሳነ ክወሃብ እዩ።

- እንተደኣ ብመሰረት እቶም ኣብ ላዕሊ ዝገልጹ ሕጊታት ደብሊንግ ነዚ መመልከቲኻ ዝምልከት ውሳነ ንምሕላፍ ክሮኤሽያ ሓላፍነት ከም ዘለዋ ተረጋጊጹ ኮይኑ፡ ንኣገዳሲ ቃለ-መጠይቕ ክትዕደም ኢኻ።
- ካልእ በዓል ስልጣን 'MUP' ንዝርዝር ዛንታኻ ኣብ ቅድሚ ተርጓሚ ደጊሙ ክሰምዕ እዩ።
- እንተተኻኢሉ፣ ዝርዝር ናይ'ቲ መመልከቲኻ ከተካፍል እንከለኻ ምቹእነት ክስመዓካ ንምግባር፡ እቶም ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ በዓል ስልጣንን ተርጓምን ተመሳሳሊ ጾታኻ ክኾኑ ክግበሩልካ እዮም። እዚ ዘይከኣል እንተኾይኑ እሞ ግን ድማ እዚ ንዓኻ ኣገዳሲ እንተኾይኑ፡ ሰክፍታኻ ንሚኒስትሪ ከተሰምዕ ትኽእል ኢኻ።.
- ሕጋዊ ወኪል ይሃልኻ ኣይሃልኻን ብዘየገድስ፣ ኣብዚ ቃለ መሕትት ብኣካል ክትሳተፍ ኣለካ።
- ሕጋዊ ወኪል እንተሃልዩካ፡ ንሱ/ንሳ እውን ኣብቲ ቃለ መሕትት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።
- እቲ ቃለ መሕትት ንገለ ሰዓታት ዝጸንሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- እቶም ትህቦም መግለጺታት ብመሳርሒታት ድምጽን ስእልን ብምጥቃም ክቕረጹ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ እዚ ኣቐዲሙ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።
- ገለ ኣመልከትቲ ንተወሳኺ ሳልሳይ ቃለ መሕትት ክዕደሙ ይኽእሉ እዮም።



## ብዛዕባ እቲ ቃለ መሕትት እንታይ ክፈልጥ ኣለኒ? ንኹሎም ኣገዳሰቲ ዝኾኑ ዝርዝራት ሓበሬታ ከተቕርብን ሓቂ ክትዛረብን ኣለካ።

- ኣብ መጀመርታ ናይቲ ቃለ መሕትት፡ እቲ በዓል ስልጣን መምርሒታት እቲ ቃለ መሕትት ንዓኻ ክገልጸልካ እዩ።
- እቲ በዓል ስልጣን ኣብ ሃገርካ እንታይ ከም ዘጋጠመ፣ ወይ እንታይ ይፍጸም ከም ዘሎ ብዝምልከት ሕቶታት ክሓተካ እዩ፣ ከም ኣካል ናይ'ቲ ንኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝገበርካዮ መመልከቲ ድማ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቀዳማይ ቃለ መሕትት ዝሃብካዮ ሓበሬታ ብዝያዳ ዝርዝር መብርሂ ክትህብ ክሓተካ እዩ።
- ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ከም ዝወጻእካ፡ ብኸመይ ከም ዝተሰደድካ፣ ብመን ከም ዝተሰደድካን ሓዊሱ ምስ መመልከቲኻ ተዛመድቲ ዝኾነ ሓበሬታ ኩሉ ክትገልጽ ይግባእ።
- ኩሉ እቲ እተካፍሎ ነገር፡ እንተላይ ውልቃዊ ሓበሬታኻ፡ ብምስጢራዊ ኣታሕዛ ዝተሓዝ እዩ። ምስ ሰበስልጣን መበቆል ሃገርካ ሓዊሱ ምስ ዝኾነ ሰብ ኣይክካፈልን እዩ።
- ገለ ዝርዝር ሓበሬታታት፣ ን ኣብነት ከም ፍሉይ ዕለታት ወይ ቦታታት ክትዝክር እንተዘይክኢልካ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። ሓቂ ተዛረብ፡ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ድማ ኣይትሃብ። ክትዝክሮ ከም ዘይትኽእል፡ ወይ'ውን ርግጸኛ ከም ዘይኮንካ ምግላጽ ጸገም የብሉን።
- እንተኺኢልካ፡ ኣብ ሃገርካ ከም ዝተሳቕኻ ወይ ከይትሳቕ  ከም ዝፈራሕካ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሰነዳት ናብቲ ቃለ-መጠይቕ ሒዝካ ምጻእ፣ ነዚኦም ድማ ኣቐዲምካ ቅዳሓም/ፎቶኮፒ ኣዳልወሎም። ንኣብነት ናይ ፖሊስ መጸዋዕታ፡ ውሳነታት ቤት ፍርዲ፡ ናይ ምፍርራሕ ደብዳቤታት፡ ናይ እሱር መረጋገጺ፡ ናይ ሕክምና ምስክር ወረቐታት፡ ክፋላት ገጽ ጋዜጣ፡ ስእሊ ወዘተ።
- እንተደኣ መንነትካ ዘረጋግጹ ሰነዳት ዘይብልካ ኮይንካ፡ ወይ ኣብ ጉዕዞኻ ናይ ካልእ ሰብ ሰነዳት ተጠቒምካ እንተኾንካ፡ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበርካ መብርሂ ሃብ። እቲ በዓል ስልጣን ንኹሉ እቲ ምሳኻ ዘሎ ሰነዳት ክምርምሮ እዩ።
- እንተደኣ ዝኾነ ዘይተረድኣካ ነገር ኣሎ ኾይኑ፣ ተወሳኺ መብርሂ ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበሉ።
- እንተደኣ ድኻም ወይ ሰምዒታዊነት ተሰሚዑካ፡ ኣብ መንጎ እቲ ቃለ መሕትት ሓጺር ዕረፍቲ ንምግባር ካብ ምሕታት ድሕር ኣይትበል።
- ክትምልሶም ክኽብዱኻ ዝኽእሉ፡ ወይ እውን ዘሕፍሩኻ ሕቶታት ክትሕተተ ትኽእል ኢኻ። ነቲ በዓል ስልጣን፣ ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሕቶታት መልሲ

ክትህብ ምቹእነት ከም ዘይሰምዓካ ክትነግሮ ትኽእል ኢኻ፣ ይኹን እምበር፣ እቶም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ምምላስ ነቲ በዓል ስልጣን ኣብ መመልከቲኻ ውሳነ ንኽበጽሕ ክሕግዞ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ኣእቱ። ኩሉ እቲ እንረኽቦ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዝ እዩ።

- ኣብ ሕሉፍ ዝተኻየደ ስቃይ ወይ ከቢድ መጉዳእቲ ከመላኽቱ ዝኽእሉ ምልክታት ንምንዳይ ናይ ሕክምናዊ ሓበሬታኻ ገምጋም እውን ክካየድ ይኽእል እዩ።
- እንተደኣ መንነትካ ወይ መበቆል ሃገርካ ክፍለጥ ዘይክኢሉ፡ ፍተሻ እውን ክግበረልካ ይኽእል እዩ፡ እዚ ድማ ንሞባይልካ ወይ ኮምፒተርካ ምፍታሽ ከጠቓልል ይኽእል።
- ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ በዓል ስልጣን ብሓገዝ እቲ ተርጓሚ፣ ነቶም ካብቲ ቃለ መሕትት ዝተረኽቡ ሓበሬታት ደጊሙ ንዓኻ ከንብበልካ እዩ። እንተደኣ ሓደ ነገር ብትኽክል ከም ዘይተጻሕፈ፡ ወይ ካብቲ ዝተብሃለ ነገር ወጺኡ ከም ዝተገደፈ ኣስተብሂልካ ኮይንካ፡ ነዚ ጉዳይ ብቕልጡፍ ነቲ በዓል ስልጣን ንገሮ፡ ንሱ ድማ ነዚ ክእርሞ እዩ። ብድሕሪኡ ኣብ'ቲ ናይ ቃለ መሕትት ሰነድ ክትፍርም ክትሕተት ኢኻ። ሓንሳብ ኣብ'ዞም ሰነዳት እዚኦም ምስ ፈረምካ፡ ነቲ ኣብ ቃለ መሕትት ዝሃብካዮ ሓበሬታ ትኽክለኛ ውክልና ከም ዘለዎም ይቑጸር።
- እንተደኣ እቲ ተርጓሚ ነቲ ትብሎ ዘለኻ ብትኽክል ዘይትርጉሞ ዘሎ ኮይኑ ተሰሚዑካ፡ ወይ ድማ እቲ በዓል ስልጣን ነቲ ቃለ-መጠይቕ ዝሕዞ ኣገባብ ዘይዓገብካ ኮይኑ፣ ካልእ ተርጓሚ ወይ በዓል ስልጣን ክቐርበልካ ምሕታት ሓዊሱ ነቲ ስክፍታኻ ካብ ምግላጽ ንደሓር ኣይተበል። እዚ ኩነታት እዚ ብዘይ ምኽንያት ኣብ ጥቕሚ ክውዕል የብሉን።
- እንተደኣ ሓሚምካ፡ ወይ ብኻልእ ርትዓዊ ዝኾነ ምኽንያት ኣብቲ ቃለ መሕትት ክትሳተፍ ዘይክኢልካ፡ ከምቲ ኣብ ናይ ቃለ መሕትት ዕድመ ደብዳቤኻ ተገሊጹ ዘሎ፡ ነቲ ዝተመደበካ 'MUP' በዓል ስልጣን ብቕልጡፍ ክትሕብር ኣለካ። እንተደኣ ኣብቲ ፈለማይ ዝኾነ ቃለ መሕትትካ ዝግበረሉ ሰዓት ክትርከብ ዘይከኣልካሉ ምኽኒያት ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ሰራሕ መዓልታት ነዚ ዝገብርካሉ ምኽኒያት ዝገልጽ ሓበሬታ ክትህብ ዘይክኢልካ፡ እቲ ከይዲ ኣሰራርሓ ይቋረጽ፣ እዚ ማለት ድማ ከም ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘለካ ኩሉ መሰላት ክትስእን ኢኻ ማለት እዩ።



ሓቂ ምዝራብ፡ ኣብ መግለጺኻ ዝኾነ ተገራጫዊ እንተሃልዩ ብምንጻር፣ ብዓቕምኻ፡ ንምንታይ ካብ ሃገርካ ከም ዝወጻእካ ብዝርዝር ክትገልጽ ኣገዳሲ እዩ።

## ናይ ሕጊ ሓገዝ ክረክብ መሰል ኣለኒ ድዩ? እወ

- ኣህጉራዊ ሓለዋ ክትሓትት ዘለካ ድሌት ክትገልጽ እንከለኻ፡ እቲ ምሳኻ ዝተረኸበ በዓል ስልጣን ብዛዕባ እቲ ኣገባብ ሓበሬታ ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብቲ እቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲኻ ኣታዊ ዝግበረሉ ፈላማይ ቃለ መሕተትካ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ።

- ኩሎም ኣመልከትቲ ብዛዕባ ጉዳዮም ዝምልከት ናይ ሕጊ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም፣ ንኣብነት እቲ ጉዳዮም ኣብቲ ኣገባብ ኣበየናይ ደረጃ ከም ዘሎ ብዝምልከት። ነዚ ኣብ ዝኾነ እዋን ናይቲ ኣገባብ ካብ ሓደ በዓል ስልጣን 'MUP' ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣብ ዝኾነ እዋን እቲ ኣገባብ፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ገንዘብ ተጠቒምካ፡ ዝመረጽካዮ ጠበቓ ክትቖጽር ትኽእል ኢኻ።

- መመልከቲኻ ክጸድቕ፡ ክነጽግ ወይ ክሰረዝ ይኽእል። እንተደኣ መመልከቲኻ ተነጺጉ፡ ኣብ ቅድሚ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ንምባል ዘኽእለካ ናይ ሕጊ ሓገዝ ካብ ክፍሊት ናጻ ክትረክብ መሰል ኣለካ። እንተደኣ መመልከቲኻ ተነጺጉ ኮይኑ፡ ካብ ክፍሊት ናጻ ናይ ሕጊ ሓገዝ ክትረክብ መሰል ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣብ ጉዳይካ ውሳነ ምስተወስነ ብዛዕባ ዝህልዉኻ መሰላት ብዝምልከት ሓበሬታ ሓደ በዓል ስልጣን 'MUP' ክህበካ እዩ።

- ነዚ ካብ ክፍሊት ናጻ ዝወሃብ ናይ ሕጊ ሓገዝ ዝህቡ ጠበቓታት ዝርዝር ጎኒ ጎኒ እቲ ዝኾነ ብዛዕባ መመልከቲኻ ዝወጽእ ኣሉታዊ ውሳነ ክካፈል እዩ።

- ከምኡ'ውን ብመንግስቲ ዝምወል ደገፍ፡ ኣብ እዋን መሰርሕ ናይ ሕጊ ሓበሬታ ወይ ምኽሪ ክህቡ ዝኽእሉ ዘይመንግስታዊ ትካላት (NGOs) ኣለዉ፡ ን ኣብነት ማእኸል ሕጊ ክሮኤሽያ (Croatian Law Centre (Hrvatski pravni centar))፣ ኮይኑ ናይ'ዚ ትካል ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብ ታሕቲ ተቐሚጡ ኣሎ።



## ነቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብክዎ ሕቶ ውሳነ ኣብ ዝጽበየሉ እዋን ክጥቀመሎም/ክሰዕቦም ዘለኒ ካልኦት መሰላትን ግቡኣትን ኣለዉኒ ድዮም? እወ

- እንተደኣ ብጽኑዕ ሓሚምካ፡ ናይ ሕክምና ሓገዝ ክትረክብ መሰል ኣሎካ። ህጻናት ናይ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቲ ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ከምኡ ብምግባርካ፡ ሰላም ካልኦት ሰባት ዘይትዘርግ ክሳብ ዝኾንካ፣ ሃይማኖትካ ዝብለካ ክትገብር መሰል ኣሎካ።
- ካብ'ቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ መመልከቲ ኣታዊ ዝገበርካሉ ዕለት ኣትሒዙ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ፡ እንተደኣ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣብቲ ግዜ እቲ ንመመልከቲኻ ዝምልከት ውሳነ ዛጊት ዘየሕለፈ ኮይኑ፡ ስራሕ ናይ ምስራሕ መሰል ትረክብ። እዚ ተፈጻሚ ክኸውን ዝኽእል፡ እቲ ምድንጓይ ውሳነ ምስ ባህርያትካ ክተሓሓዝ ምስ ዘይክእል ጥራይ እዩ።
- ኣብ ውሽጢ መሬት ክሮኤሽያ ብናጽነት ናይ ምንቅስቓስ መሰል ኣለካ።
- ንሕግታት ክሮኤሽያ፡ ከምኡ ድማ ንሕግታት ገዛ ናይቲ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ኣኽቢርካ ክትኅዓዝን፡ ምስ ሰበ ሰልጣን ድማ ክትተሓባበርን ኣለካ።
- ዝኾነ ናይ ኣድራሻ ለውጢ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልቲታት ንሰበ ሰልጣን ከተፍልጥ ኣለካ



ብዛዕባ እዞም መሰላት ዝርዝር ሓበሬታ ክህበካ ንበዓል ስልጣን ሕተት።

## ኣብ'ቲ መመልከቲይ ውሳነ ክውሰን እንዳተጸበኹ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ኣበይ ክጸንሕ እየ? ኣብ ማእኸል መቐበሊ ኣጋይሽ ኣመልከትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ።

- ኣብ ውሽጢ ማእኸል መቐበሊ ኣጋይሽ ኣመልከትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ካብ ክፍሊት ናጻ ክትቅመጥ፡ ከምኡ'ውን ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ መግቢ፡ ውልቃዊ ናውቲ ጽሬትን ንእሽቶ ኣበልን ክወሃበካ እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ጫማን ክዳውንትን እውን ክወሃበካ ይኽእል እዩ። ከምዚ'ኦም ዝበሉ ማእኸላት ኣብ ዛግረብን ኩቲናን ይርከቡ (መብዛሕትኡ ግዜ 'ፖሪን' ተባሂሎም ድማ ይጽውዑ)።

- ኣብ ውሽጢ እቲ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ፡ ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ዘለዎም ሰባት ኣብ ንሓደ ክፍሊ ብሓባር ክትቅመጥ ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ምስ ስድራኻ ዝመጻእካ ኮይንካ ብሓባር ኣብ ተመሳሳሊ ክፍሊ ክትቅመጡ ኢኹም።
- ንኻልኦት ከተኽብር ኣለካ፣ ከምኡ'ውን ነቶም ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ዝተዋህቡኻ 'ሕግታት ገዛ'ን መምርሕታትን ክትክተል ኣለካ።
- ሓደ በዓል ስልጣን 'MUP' ነቲ ዘይምህላውካ ክሳብ ዘየጽደቖልካ፣ኣብ'ቶም ብ 'ሕጊ ገዛ' ዝተቐመጡ ናይ ምሸት ሰዓታት፡ ኣብ ውሽጢ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ክትጸንሕ ኣለካ።
- እንተደኣ ካብ'ቲ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ክትወጽእ ደሊኻ፡ ንሓደ በዓል ስልጣን 'MUP' ክትሕብር ኣለካ።
- እንተደኣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ገንዘብ ኣለካ ኮይኑ፡ ወጻኢታት ናይቲ ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ዝርከብ መንበሪኻ ክትሽፍኖ ወይ ድማ ካብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ክትነብር ወግዓዊ ፍቓድ ክትሓትት ኣለካ።
- እንተደኣ ኣብ ናይ ብሕቲ መንበሪ ትነብር ኮይንካ፡ ነቶም በዚ ኣድራሻ እዚ ካብ 'MUP' ዝካየዱ ናይ ስልኪ ጻውዒታትን ፖስታ ክትቅበል ትኽእል ምኺንካ ኣረጋግጹ (ስምካን ሰም ኣቦሓጎኻን ኣብ'ቲ ደወል ማዕጾን ኣብ ሳጹን ፖስታን ጽሓፍ)። እንተደኣ ካብ ሰበ ሰልጣናት ወግዓዊ ጻውዒታት ክትቅበል ዘይትኽእል ኮይንካ፡ ካብ ክሮኤሽያ ከም ዝወጻእካ ክግመት ዝኽእል ብምዃኑ፡ እቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ክዕጾ ተኽእሎ ኣሎ።



ከም መጠን ሓደ ኣመልካቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ፡ ኣብ መላእ ክሮኤሽያ ብናጽነት ናይ ምጽናሕን ምንቅስቓስን መሰል ኣሎካ። ይኹን እምበር እንተደኣ ኣብ ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ትነብር ኮይንካ፣ ን 'ሕግታት ገዛ' እቲ ማእኸል ክትክተል ኣለካ። ኣብ እዋን እቲ መሰርሕ ኣህጉራዊ ሓለዋ ካብ ክሮኤሽያ ኣይትውጻእ፣ ምኽንያቱ ድማ እገዳ ክግበረልካ ስለ ዝኽእልን ኣብ ናይ ምንቅስቓስካ ናጽነትካ ድማ ገደብ ክንበር ስለ ዝኽእልን እዩ።.

## ስለምንታይ እዬ ኣብ 'ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ወጻእተኛታት' ክጸንሕ ተገይረ? ምኽንያቱ ንናጽነት ምንቅስቓስካ ዝድርት ውሳነ ዝተወሰነ ብምኳኑ እዩ።

• ኣብ ጀዘሮ፡ ቶቫርኒክ ወይ ትሪልጅ ተኣሲርካ ጸኒሕካ ክትከውን እትኽእለሉ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ።

- ሕጊ ክሮኤሽያ፡ ኣመልከትቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት፡ እንተላይ ኣብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኩነታት ክእሰሩ ይፈቅድ።
- እቶም ኣብ ካብ ክሮኤሽያ ኣብ ዝግበር ናይ ምሰጓግ መስርሕ ውሽጢ ምስ ኣተዉ ኣህጉራዊ ሓለዋ ንኽረኽቡ ሕቶ ዝሓቱ ኣመልከትቲ ኣብ እዋን ኣህጉራዊ መስርሕ ሓለዋ ኣብ ማእሰርቲ ክጸንሑ ይኽእሉ።
- ሰበ ስልጣናት ክሮኤሽያ እንተደኣ ሓደ ኣመልካቲ ክሃድም (ብዘይስሩዕ መንገዲ ካብ ክሮኤሽያ ክወጽእ) ዝኽእለሉ ዕድል ኣሎ ኢሎም እንተኣሚኖም፣ ንኣብነት እቲ ውልቀሰብ ኣብ ሕሉፍ እዋን ቅድሚ ምዝዛም እቲ ኣህጉራዊ መስርሕ ሓለዋ ብተደጋጋሚ ክሃድም ዝፈተነ እንተኾይኑ፣ እቲ ኣመልካቲ ኣብ እሱር ክጸንሕ ክውሰኑ ይኽእሉ እዮም።
- ካብ'ዚ ብተወሳኺ እንተደኣ መንነቶም ወይ ዜግነቶም ወይ ካልኦት መመልከቲኦም ዝተመርኮሰሎም ሓቅታትን ኩነታትን ንምርግጋጽ ኣድላዪ ኮይኑ እንተ ተረኺቡ፡ ኣመልከትቲ ኣብ እሱር ክጸንሑ ተኽእሎ ኣሎ።
- ካብ'ዚ ብተወሳኺ ኣመልከትቲ ብምኽኒያታት ሃገራዊ ድሕንነትን ሓለዋ ህዝባዊ ስርዓትን፣ ንዕላማታት ምክልኻል ምስፍሕፋሕ ተላባዒ ሕማማት፡ ወይ ድማ ንህይወትን ንብረትን ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ንምክልኻል ክበሃል ኣብ እሱር ክጸንሑ ክግበሩ ይኽእሉ እዮም።
- ቤት ፍርዲ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሕለፎ ናይ ምእሳር ውሳነ ብመሰረት ሕጊ ክሮኤሽያ ምኽኑይ ድዩ ኣይኮነን ዝብል መርመራ ከካይደሉ ንምሕታት ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ክፍሊት ናጻ ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ። እቲ ናይ ምእሳር ውሳነ ዝምልከት ሓበሬታ ዝሃበካ በዓል ስልጣን፡ ናይ'ቶም ኣብ ዝኾነ ከምዚ ዝኣመሰለ ብድሆ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ካብ ክፍሊት ናጻ ክውክሉኻ ዝኽእሉ ጠበቓታት ዝርዝር እውን ክህበካ እዩ።



ካብቲ ብዛዕባ እቲ ናይ ማእሰርቲ ውሳነ ዘፍለጠካ በዓል ስልጣን ‘MUP’ ዝርዝር መብርሂ ምኽንያታት ምእሳርካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ዝኾነ ካልእ ተግባራዊ ተገይሩ ክኸውን ዝኽእል ናይ ምንቅስቓስ ናጽነትካ ዝድርት ስጉምትታት እውን ኣብ ተግባር ክውዕል ዝኽእል እዩ። ቅዳሕ ናይ’ቲ ብዛዕባ ምእሳርካ ወይ ምግዳብ ናጽነት ምንቅስቓስካ ዝተውሃበ ወግዓዊ ውሳነ ክትቅበል፡ ከምኡ’ውን ነዚ ውሳነ እዚ ዝምልከት ይግባይ ኣብ ቅድሚ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለካ።



## ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘቕረብክዎ ሕቶ ብዝምልከት ነዚ መመልከቲዬይ ዝነጽግ ኣሉታዊ ውሳነ እንተመጺኡኒ ኸ? ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ።.

- ዝኾነ ዝውሰን ኣሉታዊ ውሳነ፡ ነቲ ምንጻግ ክግምገም ንምሕታት፡ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ከተቕርብ እትኽእለሉ ናይ ግዜ ገደብ ዝምልከት መምርሒታት ምሳኡ ክህልዋ እዩ።

- እንተደኣ ነቲ ኣሉታዊ ውሳነ ብዝምልከት ይግባይ ዘየቕረብካ ኮይንካ፡ ወይ እቲ ዘቕረብካዮ ይግባይ እንተ ተነጺጉ፡ ካብ ክሮኤሽያ ክትወጽእ ክትግደድ ኢኻ። እንተደኣ ካብ ክሮኤሽያ ዘይትወጽእ ኮይንካ፡ ብዘይስሩዕ ጸንሖት ብዝብል ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ክትውዕልን ኣብ ‘ማእከል መቐበሊ ኣጋይሽ ወጻእተኛታት’ ድማ ክትእሰርን ትኽእል ኢኻ፡ ካብኡ ድማ ካብ ክሮኤሽያ ክትሰጎግ ኢኻ።



ኣብ ገለ ግዜ እቲ ይግባይ ንምቕራብ ዝወሃብ ናይ ግዜ ገደብ ሓጺር ክኸውን ዝኽእል ብምኳኑ ብቕልጡፍ ግብረ መልሲ ብምሃብ ናይ ሕጊ ሓገዝ ክወሃበካ ሕተት።

## ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተ ተዋሂቡኒ ኸ?

- ኣብ ክሮኤሽያ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎ ክወሃበካ እዩ፣ ተወሳኺ መሰላት ድማ ክትረክብ ኢኻ።
- እዚኦም ድማ ምስ ስራሕ፡ ክንክን ጥዕና፡ ትምህርትን ካልኦት ብዙሕ መዳያት መዓልታዊ ህይወትን ዝተኣሳሰሩ እዮም።



እንተደኣ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ናይ ዑቕባ ወይ ንኡስ ሓለዋ) ተዋሂቡካ፡ ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ዝምልከት ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ህይወት ኣብ ክሮኤሽያ ዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ዝገልጽ ንእሽቶ መጽሓፍ፡ ብሓደ ሓላፊ ውህደት ካብ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ዝኾነ ሰብ ክወሃበካ እዩ።



# ተወሳኺ ሓገዝ ንምርካብ ኣበይ ክሓትት ይኽእል?

ብዛዕባ ኣብ'ዚ ሰነድ ዝተገልጸ ኣገባብ/ኣሰራርሓ ተወሳኺ ሓገዝ ወይ ሓበሬታ ምስ ዘድልየካ፡ ን UNHCR ወይ ካልኦት ንሓተትቲ ዑቕባን ሰደተኛታትን ንምክልኻል ዝሰርሑ ትካላትን ውዳበታትን ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ፡ ንሳቶም ድማ፤

ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰደተኛታት ውድብ ሕቡራት መንግስታት (UNHCR (Office of the United Nations High Commissioner for Refugees))
Heinzelova 44, Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (01)37-13-555
ወብሳይት: https://help.unhcr.org/croatia/
ኢሜይል፡ HRVZA@unhcr.org

ማእኸል ሕጊ ክሮኤሽያ (HRVATSKI PRAVNI CENTAR (CROATIAN LAW CENTRE))
Bednjanska 8a, Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (01) 48-73-965
ወብሳይት: www.hpc.hr
ኢሜይል: hpc@hpc.hr

ቀይሕ መስቀል ክሮኤሽያ (HRVATSKI CRVENI KRIŽ (CROATIAN RED CROSS))
Ulica Crvenog križa 14/1, Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (01) 46-55-814
ወብሳይት: www.hck.hr
ኢሜይል: azil-migracije@hck.hr

ማእኸል መጽናዕቲታት ሰላም (CENTAR ZA MIROVNE STUDIJE (CENTRE FOR PEACE STUDIES))
Selska cesta 112a, Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (01) 48-20-094; (00385) (0) 91-330-0183
ወብሳይት: www.cms.hr
ኢሜይል: cms@cms.hr

ክሊኒክ ሕጊ ዩኒቨርሲቲ ዛግረብ ናይ ሕጊ ፍኩልቲ (PRAVNA KLINIKA PRAVNOG FAKULTETA U ZAGREBU (LAW CLINIC OF THE ZAGREB UNIVERSITY LAW FACULTY))
Palmotićeva ulica 30, Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (01) 48-11-311; (00385) (01)48-11-320; (00385) (01)48-11-324
ወብሳይት: klinika.pravo.hr
ኢሜይል: klinika@pravo.hr

ኣገልግሎት ሰደተኛታት ጄሱት (ISUSOVAČKA SLUŽBA ZA IZBJEGLICE (JESUIT REFUGEE SERVICE))
Maksimirska cesta 286, 10000 Zagreb
ቴሌፎን፡ (00385) (0)98-979-2298
ወብሳይት: hrv.jrs.net
ኢሜይል: info@jrs.hr

ፕሮጀክት ሰብኣዊ መሰላት ሲሳክ (PROJEKT GRAĐANSKIH PRAVA SISAK/CIVIL RIGHTS PROJECT SISAK (PGP/CRP SISAK))
S. i A. Radića 6/5 (2. floor right), 44000 Sisak
ቴሌፎን፡ (00385) (44)571 752
Besplatni tel./free legal phone: 0800 200 098
ወብሳይት: www.crpsisak.hr
ኢሜይል: pgp-sisak@crpsisak.hr

ዶባት ዋላ ሓደ (BORDERS:NONE)
Josipa Seissla 68, 10000 Zagreb
ቁጽሪ ዋትስኣፕ: (00385) (0)97 646 3819
ወብሳይት: https://www.facebook.com/bordersnone/
ኢሜይል: hello@bordersnone.com

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት/ሊፍሌት እዚ ከም ኣካል እቲ "ናይ ሕጊ ሓገዝን ምህናጽ ዓቕምን ኣብ መሬት ክሮኤሽያ ንምርጋጽን ኣብ ክሮኤሽያ ዑቕባን ንምሕታትን" ዝተሰመየ ብ UNHCR ዝምወል ፕሮጀክት ዝተዳለወ እዩ።